*ተቛጺርኩም ኣይበለና፣ን31 ጥቅምቲ ቀጸራና፣ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት።*
*ዓወትን ኣሳልጦን‘‘ ንዳግማይ ትንሳኤ‘‘ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ።ቃልስና ኣሳልጦ ክረክብ‘‘ ኩልና ደለይቲ ፍትሒ‘‘ኣብ ትሕቲ ጽላል‘‘ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ‘‘ንጠርንፍ ኣብ ሐንቲ‘‘ለውጢ ካባና ናባና ክኸውን ምእንቲ።*

*መርሐባ ካብ ነዊሕ ድቃስ ተባራቢሩ‘ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ‘ ናብ ስራሕ ነቒሉ‘ መጸዋዕታ ንሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ‘ካብ መላእ ኣውሮጳ ኣባላቱ፣ኣብ ሃገር ጀርመን ከተማ ፍራንክፈርት ክካፈሉ፣ምስ ህዝባዊያን ማሕበራት ተኣኻኺቡ ተላዒሉ‘‘ከም ወትሩ ንስኒት ይዕድም ኣሎ ጽላሉ‘‘*

*መበገሲ ናይዚ ሰላማዊ ሰልፊ ድማ‘‘መራሒ ኢትዮጵያ ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ‘‘ ናብ ሃገር ጀርመን ይመጽእ ስለ ዘሎ‘‘ ንኹሉ ማፍያዊ ጉጅለ ኣይውክለናን እዩ ዝብል‘ ንውድባትን ንሰልፍታትን ንሲቢካዊ ማሕበራትን ንውልቀ ሰባትን‘‘ ብጉጅለ ህግደፍ‘ ህዝቢ ሃገርን ንሐደጋ ተሳጢሑ ስለ ዘሎ።*

*ሎሚ ንማፍያዊ  ጉጅለ ኣይውክለናን እዩ ዘይበለ፣ ተቐባልነት ይብሉን ደላይ ፍትሒ እየ እንተ በለ‘‘ጭርሖና ናይ ሰላም እማመ እወ ንኣምን፣ኤርትራ ንኤርትራዊያን፣ ወይሉኡ ግን፣ ንጉጅለ ህግደፍ ኣሚኑ፣ሑሉፍ ጌጋ ክደግም፣ ቀንጠብጠብ ዝብል፣ካብ ባሕርና ኢዱ ያኣክብ ክንብል።*

*ክንዲ ክነድምዕ ንሳማማዕ*
*ንሕና ኣብ ባዶ ክንካታዕ*
*ህዝቢ ዶብ ሰጊሩ ይነብዕ፣*

*ክሳብ ማዓስዩ ወሰን ወሰን*
*ንሱን ከረክበና ይዳናደን*
*ብስኒት እንተ ንብሎ ኣበደን*
*ንሱን ጉጅሉኡን ኣይምሻደነን፣*

*ኣብ ጽላል ባይቶ*
*ንሱዩ ህዝቢ ዝሐቶ*
*ንህግደፍ ክንምክቶ፣*

*ጥራዩ ተሪፉ ኣጉዶ ምስ ህድሞ*
*ንሃገራዊ ባይቶ ብኣጋ ንሐክሞ*

*ፍትሒ ክነግስ ንህዝብና ክጥዕም*
*ኣብ ባይታ ወሪድና ክንዛዘም፣*

*ዓገብ ነዚ ኣይኮነን ዝተጸበናዮ*
*ብሰላም ተዛቲና ቁስልና ክነሕውዮ*
*ዶብና ክሕንጸጽ ኢና ዝተመነናዮ፣*

*ብገበተ ን27 ዓመት ብዘይ ቅዋም*
*ገበንዩ ምስ ዲክታቶር ናይ ሰላም*
*ምስ ህዝቢ ዘይወከሎ ምኽታም፣*

*ቲፎዞ ኣቢዩ ኣዚርኩም ሕሰቡ*
*ንሐቀኛ ሰላም ቃልኩም ሃቡ*
*ኣብ ግዝያዊ ጠቅሚ ኣይተደህቡ፣*

*ደለይቲ ፍትሒ ልሳን ህዝቦም*
*ሰብ ሕልና ምኽሪ ክንህቦም*
*ነቶም ውክልና ህዝቢ ዘብሎም*
*ኣብ ፍራንክፈርት ክነተንበሃሎም*
*ንኣቢዩን ሰዓብቱን ዓገብ ክንብሎም፣*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ« ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑሩር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*